**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**St. Eritrean Orthodox Tewahdo**
**Medhanie Alem Kerk**
**Amstelveen-Amstelland Holland.**

21 ታሕሳስ 2016 ግዕዝ
**31 December 2023**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2016-446**

**በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።**

**ጉዳይ፥ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣበዓዕላ ልደት 2016 ግዕዝ (ጥሪ 2024 ዓምፈ)**

**ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ**

*መንፈሳዊ ሰላምታና ድሕሪ ምቕራብ ኣብ ዕለታዊ ህይወትኩም ስለምን ጥዕናን፡ ኣብ መነባብሮኹም ከኣ ግስጋስ ንምነየልኩም። ኣሰዒብና ከኣ ብምኽንያት ኣበዓዕላ ልደት እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ንልእከልኩም ኣሎና፣*

1- ከም'ቲ ልሙድ ንጉሆ ቀዳም ክሳብ ሰዓት 13:00 ድሕሪ ቀትሪ ዝግበር ኣገልግሎት፡ ኣብ ቀዳም ዕለት 27 ታሕሳስ 2016 ግዕዝ (ጥሪ ዕለት 06-01-2024 ዓምፈ) ናይ ንጉሆ ኣገልግሎት የብልናን። ምኽንያቱ ከኣ፡
2- ቀዳም ዕለት 27 ታሕሳስ 2016 ግዕዝ (ጥሪ ዕለት 06-01-2024 ዓምፈ) ካብ ሰዓት 20፡00 (ሰዓት ሸሞንተ ምሸት ጀሚሩ፡ ቅዳሴ ከኣ ካብ ሰዓት 00፡00 (ፍርቂ ለይቲ ናብ ሰንበት) ዘውግሕ ክካየድ ስለ ዝኾነ፣
3- ልደት 2016 ግዕዝ ከም ፍቓድ መ/ዓለም ሰዓት 3፡00 (ሰዓት ሰለስተ ወጋሕታ ሰንበት፡ ዕለት 28 ታሕሳስ 2016 ግዕዝ) ክፍጸም ኢዩ ተመዲቡ ዘሎ።
4- እቶም ካብ ርሕቕ ዝበለ ቦታ ዝመጹ'ሞ ከቐድሱ ዝደልዩ፡ መጓዓዝያ ምቹእ ክሳብ ዝኸውን፡ ክሳብ ሰዓት 5፡00 (እንተደንጉየ ክሳብ ሰዓት 6፡00 ንጉሆ ሰንበት) ኣብ ቤተክርስትያን ክሓድሩ ይኽእሉ ኢዮም።

**መተሓሳሰቢ፡**

**እዚ ሓበሬታ ንኹሉ ከተካፍሉ ንላበወኩም። ቀዳም ምሸት ልደት ከነብዕል እንከሎና፡ ዝኾነ ይኹን መግቢ (ብዘይካ ንውሉደ-ካህናት ክዳሎ ዝተመደበ እንተዘይኮይኑ) ካልእ ናይ መግቢን መስተን መደብ ከም ዘየለ ክንሕብር ንፈቱ።**

**ብርሃነ ልደቱ ብሰላም የብጽሓና ኣምላኽ፡**

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።



*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem* Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**